# ሎሚ’ውን ከም ትማሊ!
## ዕስራ ሰነ ኣብ ከተማ ሰያትል

ብ

ህድኣት ኤፍረም

ስለ ኽብረትን ዘክርን፡ ምሕዳስ ሕድርን ነቶም ምእንቲ ሃገር፡ ምእንቲ ህዝቢ፡ ምእንቲ ናጽነት፡ ንቕዱስ ዕላማ ህይወቶም ዝበጀው ሓርበኛታት ኤርትራ ዕስራ ሰነ ኣብ ከተማ ሰያትል ኩሉ ግዜ ፍሉይን ድሙቕን ስምዒት ዝተሰነየ ብዓል እዩ ዝሓልፍ፡፡ ናይ ሎሚ ዓመት እውን ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብዘይፍለ ኣገባብ፡ ብዝደመቐን ዝዓመረን መንፈስ እኳ ድኣ መስውኣትን ሕድርን ጀጋኑ ተባዒሉ፡፡

እዚ ብድምቀት ጽሓይን ለምለም ኣግራብን ዝዓመረ ቀዳም መዓልቲ ዕስራ ሰነ ኣብ ከተማ ሰያትል፡ ነታ ሰማይ ክትጥንቁር እትደሊ ባንዴራ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣዳራሽ ኤርትራ ንፋስ ንየማን ንጸጋም ከንበልብላ ከሎ ናታ ፍሉይ ታሪኽን ሓበንን ትነግር ዘላ እዩ ዝመስል፡፡ ነይሩ ግዜ እዛ ባንዴራ እዚኣ ኣብዘይብሉ ኣዳራሽ፡ ኣብ ገዛ እንዳ ሕያዎት ኣኼባታትን፡ ዝክረ-ስውኣትን ዝተኻየደሉ እዋናት፡፡ ሎሚ ግን እቶም 65,000 መንእሰያት፡ እቶም 19,000 ቀያሕትን፡ እቶም ድሕሪኦም እውን ዝሰዓቡ ጀጋኑ ኤርትራ ሕብራ ከይሃስስ፡ ግርምኣ ከይወድቕ፡ ታሪኻ ክንገር ሃየ! ኢሎም ተደጋጊፎም ሰማይ ኣንቃዕሪራ ከተንበልብል ዝገደፍዋ እያ ትመስል፡፡ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ካሊኢት ድማ እዚ ዘይብሃል ሓበን፡ ተስፋ፡ ጽንዓት ኣብ መትክል፡ ምሕያል ሓሞት ዓቕልኻ የጽብብ፡፡ ፍሽኽታ ዝተሰነየ ደስታ፡ ንብዓት ዝተሓወሶ ዘክሪ፡ ሓበን ዝውሓሶ ምሕዳስ ሕድሪ ንስምዒትካ የንቀሳቕሶ፡ ኤርትራዊ ምዃን እንታይ እዩ ትርጉሙ ኣብታ ካልኢት እቲኣ ንማንም ኣብቲ ኣዳራሽ ዝኣቱ ኣይስወሮን እዩ፡፡

እወ! እቲ ኣዳራሽ’ውን ካብታ ኣብ ግዳም እናንበልበለት ትቕበለካ ባንዴር ብዘይንእስ ዓቕሚ፡ ወናማት ኮነ ኢሎም ኣሰር ስውእ ብምርኢት ዝሕንጽጹ ድኻሞም ከይጸብጸቡ ብሽላንን፡ ሰተ-ሰምሃርን፡ ጽጌረዳ ዕንባታትን ኣሽሓት ዝበርህ ሽምዓን ፍሉይ ግርማን፡ ብሕሹኽታ ታሪኽ ዝነግርን ሃዋህው እዩ ዝጋብዘካ፡፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ቦትኡ ኮፍ ምስበለ ናይ ነፍሲ ወከፉ ታሪኽን ዝምድናን ምስ ዕስራ ሰነ ብሱቕታ የስተንትን፡፡ ኣዴታት ነይረን ንዕስራ ሰነ ብድርብን ዕጽፍን ዝከፈልኣ፡ ኣቦታት ነይሮም ታሪኾም ቃቒሮም ብሓቦ ንቕድሚት ዝጥምቱ፡ መንእሰያት ነሮም ብጾቶም ድሕሪት ዝገደፉ፡ ነይሮም ኣብ ዓዲ ስደት ካብ ማዕዶ መስዋእቲ ብጾቶም፡ ኣሕዋቶምን መዓብይቶምን ዘስተማቐሩ፡፡ ዘይተተንከፈ፡ ዘይከፈለ፡ ዘይሓዘነ፡ ዘይነብዐ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ዘይተሓበነ ሰብ ኣይነበረን፡፡ እወ! ዕስራ ሰነ መዓልቲ ስውኣት፡ መዓልቲ ስድራ ቤት፡ መዓልቲ ብሕታዊ ታሪኽ፡ ምዓልቲ እቲ ዝይሕለልን ዘይሃስስን ፍቕርን ሓድነትን ኤርትራውያን እያ፡፡

ታሪኽ ተነቢቡ፡ ዘክሪ ብሕድሪ ተሰንዩ ከም ማና ካብ ሰማይ ምስ ዘነበ፡ እወ! ዕስራ ሰነ ዘለዋ ትሕዝቶኣ ንሎሚ ምዓልቲ ኣብቂዓ እዋን ፈነዋ ኮይኑ፡፡

ምርኩስ ዝሓዙ ኣረጋውያን ኣቦታት፡ ቆልዑ ኣብ ቅድሚኦም ኣኸቲሎም ዝኸዱ ስድራ ቤት፡ ንብዓተን ብነጸላ እናደረዛ ዝሓልፋ ኣዴታት፡ ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓበዩ ትሕዝቶ ዕስራ ሰነ ከስተማቕሩ ዝመጹ መንእሰያት፡ ንዓሰረታት ዓመታት ብዘይድኻም ምእንቲ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ዝተቓለሱ ሓርበኛታት፡ ዓብን ንእሽቶን ብዘይኣፈላላይ፡ ዝበርህ ሽምዓ ኣብ ቅድሚኦም ሰሪዮም ንኽብሪ ስውኣት ኣብቲ ንሎሚ ምዓልቲ ዝተሰርሓሎም ሓወልቲ እናሰገዱ በብሓደ ንግዳም ወጺኦም ኣብ ትሕቲ እታ ገና ብንፋስ ሰያትል ተንበልብል ዘላ ባንዴራ ተዘክሮታቶም ቀጺሉ፡፡

ዘለኣለማዊ ሞጎስን ክብርን ንስውኣት ኤርትራ!

ዓወት ንሓፋሽ!